

<u>ናይ ሐዘን መግለጺ ፤ 27.12.2009</u>

ታሕሳስ 24.2009 ውጽኢት ሓርነታዊ ቃልሲ ኢዮብን፣
ውጽኢት ኩሎም ንሓርነታዊ ቃልሲ ዝተዓጠቁ ብጾት ኢዮብን፤
ብእኩብ ድምር ዓለማዊ ኣቃልቦ ተስፋ ዝረኸብናሉ ዕለት፤ ብኣንጻሩ መስዋእቲ ሃርበኛ
ብጻይና መሪር ሓዘንን ቃንዛን ደረት ተብሉን።

እንተኾነ ግን ወዲ ኣዳም እውለድ ድኣ ምበር ስለ ዘይነብር፣ ከም ሃርብኛ ጅግና ተጋዳላይ
ብጻይ ኢዮብ ብስራት ምእንቲ ነጻነትን ሓርነትን ምሉእ ዕድሚኡ ንህዝቡ ዘወፈየን በጃ
ዝኾነን ቅዱስ መስዋእቲ ዝተቐብለን ሓበን ህዝቢ ኢዩ።

ጅግና ይሓልፍ ታሪኹ ይተርፍ ኢዩ እሞ ፣ ሃርበኛ ስውእ ብጻይ ኢዮብ ኣዋዲዱዎ
ዝሓለፈ ዲሞክራሲያዊ መሳርዕን ዘሰከመና ሓደራን ኣብ መዓርፍኡ ከነብጽሖ ህያው
ምስክር ኢና። ሓደራ ብጻይ ኢዮብ ተቐቢልና ማዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ክንቃለስ ዘሎና
ድልውነትን ኩርዓትን ሓበንን ደረት ኣይክህልዎን።

መስቃእቲ ብጻይ ኢዮብ ንስድራ ቤቱ ጥራሕ ኣይኮነን ሃስዩ፤
መስዋእቲ ብጻይ ኢዮብ ንውድቡ ጥራሕውን ትይኮነን ሃስዩ፤
መስዋእቲ ብጻይ ኢዮብ ብዓብዩ ነቲ ዝተቓለሰሉን በጃ ዝሓለፈሉን ዝፈትዎ ህዝቡንዩ
ሃስይዎ።

ኣኻእሎ ንኹሉ ኣካል ተቃውሞን፣ ንህዝቢ ኤርትራን ይሃበና። ኣሜን

ንነብስሄር መንግስተ ሰማይ፤ ንስድራቤት እኽለማይ። ኣሜን

ሐውኩምን ብጻይኩምን ገረእዚኣብሔር ገብረጊዮርጊስ ( ወዲ ባሻይ) ጀርመን